ሕጋዊ ትርጉም
<u>ካብ ጀርመንኛ ናብ ትግርኛ</u>

**ሓባሪ 1**(ምስ ካሊእ ጽሑፍ ብሓባር ዝላኣኽ)
(ንኣሃዝ 1 ቁጽሪ 2.3፣ ኣርፍተ ነገር 1 ዝምልከት)

# በቤት ጽሕፈታት ጥዒና ብዛዕባ ዝግበር ናይ ሕክምና ምርመራ ዑቕባ ንዝሓተቱ መብርሂ

ንስኹም ከም ሓታቲ ዑቕባ ኣብ ፍራይ ሽታት ዛክሰን ኣቲውኩም ኣለኹም፤ ስለዚ በዝምልከቶ ቤት ጽሕፈት ጥዒና ናይ ሕክምና ምርመራ ኪግበረልኩም እዩ፡፡ በቲ ምርመራ ብዝተኽኣለ መጠን ብህጹጽ ተመሓላላፍቲ ሕማማት ኪፍለጡ፣ ሕክምና ኪግበረሎምን ንከይራብሑ'ውን ኣንጻሮም ስጉምቲታት ኪውሰዱ ኣለዎም፡፡ ስለዚ እቲ ምርመራ ቅድሚ ኹሉ ንናትኩም ጥቕሚ እዩ፤ በተወሳኺ ግና ንጥቕሚ ካልኦት ምሳኹም ኣብ ሓደ ገዛ ሓቢሮም ዝነብሩ ሰባት'ውን እዩ፡፡

እቲ ምርመራ ነዞም ዝስዕቡ የጣቓልል፡ ሓፈሻዊ ናይ ኣካል ምርመራ (ሓደ ተማሓላላፊ ሕማም ምህላዉ ንምርግጋጽ ዘድሊ ክሳብ ዝኾነ)፣ ደረት ራጂ ምልዓል (ካብ መበል 15 ዓመት ልደት ጀሚሩ ንልዕሊ)፤ ንዓባይ ሰዓል ዝምልከት ናይ ቆርበት ምርመራ ዕድሚኦም ክሳብ 15 ዓመት ንዝኾኑ ቆልዑትን ጥኑሳትን፤ ካብ ደቂ 13 ዓመት ጀሚሩ ንሄፓቲቲስ (ሕማም ወይቦ) A B (ስራሕቲ ከብድን ሓሙትን ዘዕንቅፍ፣ ቆርበት ብጫ ዝገብር ተመሓላላፊ ሕማም) ዝምልከት ናይ ደም ምርመራ ከምኡ'ውን ኣንጻር ንፍዮ፣ ጽግዕ፣ ፈኩስ ንፍዮ፣ ፍሮማይ ኣብ ኣካል ዝተፈጠረ መከላኸሊ ሕማም ምህላዉ ንምርግጋጽ ምርመራታት ይግበሩ፡፡ ሕማም ከምዘሎ ዘጣራጥር እንተኾይኑ ናይ ማዓንጣ (ከብዲ) ሕማም ምኽንያት ንምፍላጥ ናይ ቀልቀል ምርመራ ይግበር፡፡

እቲ ናይ ቤት ጽሕፈት ሓኪም ናይ ካልኦት ሕማማት ምልክት እንተረኺቡ  ቀጻልቲ ምርመራታት ኪእዘዙ ይኽእሉ እዮም፡፡

እቶም ምርመራታት ምስተወድኡ ናይ ሓኪም ምስክር ወረቐት ይዋሃበኩም፡፡

ሓደ ተማሓላላፊ ሕማም ከይራባሕ ንምዕጋት ዘድልይ እንተኾይኑ ወይ ድማ ሕክምና ዘድልዮ ሕማም ከምዘሎ ኣባኹም ምልክታት እንተተረኺቦም እቲ ቤት ጽሕፈት ጥዒና ነቶም ናይ ምርመራ ውጽኢታት ናብ ዝምልከቶ ኣካል ከምዝበጽሕ ኪገብር ይኽእል እዩ፡፡

ኣብ ካልኦት ጉዳያት ግና እቶም ናይ ምርመራ ውጽኢታት ናብ ካልኦት ቦታት ዝላኣኹ ንስኹም እንተፈቒድኩም ጥራሕ እዩ፡፡

ካብ ማእኸላዊ ቤት ጽሕፈት ደቂ ወጻኢ ወይ ጸኒሑ ንናትኩም ጉዳይ ሓላፊነት ካብ ዝወስድ ቤት ጽሕፈት ጥዒና ንሓተትቲ ዕቑባ ዝግበር ናይ ሕክምና ክንክን ዝምልከቱ ሓበሬታታት ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፡፡

ንስኹም ዝተውሃበኩም ናይ ሕማም ታሪክ ቅጥዒ (ናይ ሕማም ታሪክ ዝምልከቱ ሕቶታት) ንክትመልኡን ነቲ ነቶም ምርመራታት ዘካይድ ናይ ቤት ጽሕፈት ጥዒና ሓኪም ንክትህቡን መታሓሳሰቢ ይቐርበልኩም ኣሎ፡፡
በጃኹም ንደቒኹም'ውን ነንሕድሕዶም ሓደ ቅጥዒ ምልኡሎም፡፡

ንኤይድስ/ሃኢፋው፣ ሕማም ወይቦ ሲ ወይ ካልኦት በጾታዊ ርክብ ዝሚሓላለፉ ሕማመት ከምኡ'ውን ነቶም ሕማማት ዝምልከቱ ናይ ላቦራቶሪ (ቤተ ምርምር) ምርመራታት ከም መድለዩነቱ ካብቲ ናይ መጀመርታ ምርመራ ወጻኢ ኣብ ቦትኡ ብዝምልከቶ ቤት ጽሕፈት ጥዒና ኪዋሃበኩም ይኽእል እዩ፡፡ እዚ ትርጉም ዝህልዎ ኣብ ዝሓለፈ ግዘ ሕማም ተማሓላሊፉኩም ኪኸውን ከምዝኽእል ስግኣት እንተልዩኩም ወይ ናይ'ቶም ዝተገለጹ ሕማማት ምልክታት ቅድም ኢሎም ኣጋጢሞሙኹም እንተነይሮም እዩ፡፡ እዞም ምርመራታት እዚኦም ሙሉእ ንሙሉእ ብናጻ ድልየት ብናትኩም ፍቓድ ጥራሕ ዝግበሩ እዮም፡፡ እቶም ናትኩም ናይ ምርመራ ውጽኢታት ናይ ግድን ብምሽጥር ዝታሓዙ እዮም፡፡

## ነቶም ሕማማት ዝምልከቱ ሓበሬታታት

**ናይ ሕማም ኤይድስ-ሃኢፋው ረኽሲ (ናይ ሰብ ካብ ሕማም ናይ ምክልኻል ድኽመት)**

ኤይድስ ካብ ሕማም ንናይ ምክልኻል ድኽመት ዝገልጽ፣ ምስ ናይ ሰብ ኣካል ንባዕሉ ካብ ሕማም ከይካላኸል ዝገብር ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ዘዳኽም ቫይረስ ብዝባሃል ሰበብ ሕማም ብምሕልላፍ ዝመጽእ ሕማም እዩ፡፡ እቲ ናይ ሰብ ካብ ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ዘድክም ቫይረስ ናይ ኣካል ተኻላኸልቲ ህዋሳት ዝጥቅዕን ዝጎድእን እዩ፡፡ሕማም ሃኢፋው ምስተሓላለፈ ድሕሪ ቁሩባት ሰሙናት ንቕደም ንሰዓል ዝመስሉ ጸገማት ከም ረስኒን (ትኩሳትን) ናይ መዕጸፊ ኣካላት ቃንዛን ከጋጥሙ ይኽእሉ፡፡ ኣብ ቀጻሊ ከይዲ ናይ ሃኢፋው ቫይረስ ረኽሲ በብውልቀ-ሰብ ብጣዕሚ ዝተፋላለየ እዩ፡፡ ብምኽንያት እናገደደ ዝኸይድ ኣብ ሕማም ዝካላኸሉ ህዋሳት ዝበጽሕ ጉድኣት ኣብ መወዳእታ ብሰበብ ሕማም ዓበይቲ ረኽሲታት ከስዕብ ይኽእል እዩ፡፡ እቶም ሰበብ ሕማማት ንጥዑይ መካላኸሊ ዘለዎ ኣካል ኪጎድኡ ኣይምኻኣሉን፡፡ እዚ ኣብ ሕማም ዝካላኸሉ ህዋሳት ዝበጽሕ ጉድኣት ሓልሓሊፉ’ውን ናይ ምንሽሮ ሕማምን ከበድቲ ናይ ስርዒት መትኒ ሕማማትን ከስዕብ ይኽእል እዩ፡፡

**ሄፓቲቲስ ሲ (ሕማም ወይቦ ሲ)**

ሄፓቲቲስ ሲ እንትመሓላለፍ ብዙሕ ግዘ እንተይተፈለጠ ይጸንሕ እዩ፡፡ይኹን’ምበር እቲ ሕማም ዝተመሓላለፎ ሰብ ናብ ካልኦት ከማሓላልፍ ይኽእል እዩ፡፡ ናይቲ ሕማም ምልክታት እንተሃሊዎም ከም ናይ ምግቢ ድልየት ምጥፋእ፣ ድኻም፣ ናይ ጀማውቲን መዕጸፊ ኣካላትን ቃንዛ፣ ልዕሊ ሕምብርቲ ናይ ከብዲ ቃንዛ፣ ዕውልውል፣ ተምላስን ፈኲስ ረስኒን የጋጥሙ፡፡ ካብኡ ንላዕሊ’ውን በተወሳኺ ናይ ቆርበትን ረቂቕ ናይ ዓይኒ ቆርበትን ሕብርም ብጫ ይኸውን፡፡እዚ ሕማም እዚ ባዕሉ ብዘይ ሕክምና ዝጠፍኣሉ ግዘ ሓልሓሊፉ ጥራሕ እዩ፡፡ ካብ ኣርባዕተ ሰለስተ ኢድ እቲ ሕማም ቀጻሊ ይኸውን፡፡ ድሕሪ ውሑዳት ዓመታት ድማ ከበድቲ ናይ ጸላም ከብዲ ጉድኣታት ከስዕብ ይኽእል፡፡

**ፍንጣጣ**

ፍንጣጣ ኣብ ዓለም ሙሉእ ዝተዘርገሐ ተማሓላላፊ ሕማም እዩ፡፡ ሕማም ፍንጣጣ ዝጅምር በደቀቕቲ ጥውይዋይ ቅርጺ ዘለዎም ባክተርያታት እዩ፡፡ ከይዲ ሕማም ፍንጣጣ ብዙሓት ብርኪታት ኣለዉዎ፡፡ ናይቲ ሕማም ምልክታት ብጣዕሚ ዝተፋላለዩን ብዙሓት ትርጉማት ዘስዕቡን እዮም፡፡

እቲ ሕማም ምስተመሓላለፈ ድሕሪ ኣስታት 3 ሰሙን እቶም ሰበብ ሕማማት ኣብ ዝኣተዉሉ ቦታ (ንኣብነት ኣብ ናይ ጾታ ኣካላት) ማይ ምዕጎታት ይፍጠሩ፤ ጸኒሖም ቁስሊታት ይኾኑ እሞ ብዘይ ቃንዛ ሃንደበት ኪሓውዩ’ውን ይኽእሉ እዮም፡፡ እቲ ረኽሲ ግና በዚ ናይ ግድን ጠፊኡ ማለት ኣይኮነን፤ ብኣንጻሩ ናብ ቀጻሊ ከይዲ ኪሰግር ይኽእል እዩ፡፡ ቀጺሎም ኣብ ሙሉእ ኣካል ቆርበት ኪቖስሉን ማይ ናይ ዝመስሉ ብጫ ናይ ኣካል ፈሰስቲ ቁጻራት ኪሓብጡን ይኽእሉ፡፡ እቲ ሕማም ምስተመሓላለፈ ድሕሪ ብዙሓት ዓመታት ኣብ ዝተፋላለዩ ኣካላት ከም ልቢ፣ ዓብዪ ሱር ደም, ጸላም ከብዲ፣ ኣዕጽምቲ ወይ መትኒ ዝብዝሕ ግዘ ቀጻሊነት ዘለዎም ጉድኣታት ኪፍጠሩ ይኽእሉ፡፡
ፍንጣጣ ኣብ ጥንሲ ግዘ እንትሕዝ እቶም ባክተርያታት ኣብ ዘይተወለደ ቆልዓ ዓበይቲ ጉድኣታት ከብጽሑ ይኽእሉ እዮም፡፡

**ሓባሪ 2.1**
(ንኣሃዝ 1 ቁጽሪ 2.3፣ ኣርፍተ ነገር 2 ዝምልከት)

## ናይ ሕማም ታሪክ ንምእካብ ዝኸውን ቅጥዒ - ንዓበይቲ ሰባት

(በጃኹም ኣብ ልክዕ ዝኾነ መልሲ ናይ መስቀል ምልክት እናገበርኩም ነቲ ሓኪም ሃቡዎ!)

ናይ መንነት ሓበሬታታት ምስ ናይ ደቂ ወጻኢ ማእኸላዊ ቦታ ቁጽሪ: ዕለት:

(ZAB-Identifikationsnummer)

ጾታ: ወዲ ተባዕታይ ☐ ጓል ኣንስተይቲ ☐ ዜግነት: ጥንሲ ወርሒ

ውልቀ-ሰብ ☐ በዝሒ ኣባላት ስድራ ☐

---

| | | | |
|---|---|---|---|
| 1. | ሕማምዶ ኣለኩም/ኣለክን? | እወ ☐ | ኣይ ☐ |
| 2. | መድሓኒትዶ ትወስዱ/ትወስዳ? | እወ ☐ | ኣይ ☐ |
| 3. | ኣንጻር ሕማማትዶ ክታቦት ገይርኩም/ገይርክን? | እወ ☐ | ኣይ ☐ |
| 4. | ንዓባይ ሰዓል ዝምልከት ናይ ቆርበት ምርመራዶ ተገይሩልኩም/ተገይሩልክን? | እወ ☐ | ኣይ ☐ |
| 5. | ተመሓላላፊ ሕማምዶ ነይሩኩም/ኣለኩም/ነይሩክን/ኣለክን? | እወ ☐ | ኣይ ☐ |
| | ዓባይ ሰዓል? | እወ ☐ | ኣይ ☐ |
| | ወይቦ? | እወ ☐ | ኣይ ☐ |
| | ኤይድስ? | እወ ☐ | ኣይ ☐ |
| | ፍሮማይ? | እወ ☐ | ኣይ ☐ |
| | ንፍዮ? | እወ ☐ | ኣይ ☐ |
| | ፎኩስ ንፍዮ? | እወ ☐ | ኣይ ☐ |
| | ተመሓላላፊ ሕማም ጎሮሮ? | እወ ☐ | ኣይ ☐ |
| | ፍንጣጣ? | እወ ☐ | ኣይ ☐ |
| | ካልኦት ናይ ጾታዊ ኣካላት ሕማማት? | እወ ☐ | ኣይ ☐ |
| | ፌራ? (ቲፎ፣ ሓውሲ ቲፎ)? | እወ ☐ | ኣይ ☐ |
| | ሽሮኽ? | እወ ☐ | ኣይ ☐ |
| 6. | ቃንዛታትዶ ኣለኩም/ኣለክን? | እወ ☐ | ኣይ ☐ |
| 7. | ኣብ ዝሓለፉ 6 ሰሙናት ረስኒዶ ነይሩኩም/ነይሩክን? | እወ ☐ | ኣይ ☐ |
| 8. | ሓያል ሰዓልዶ ኣላትኩም/ኣላትክን? | እወ ☐ | ኣይ ☐ |
| 9. | ዕውልውልን ተምላስንዶ ኣለኩም/ኣለክን? | እወ ☐ | ኣይ ☐ |
| 10. | ቅርጸት ከብዲ ወይ ተቕማጥዶ ኣለኩም/ኣለክን? | እወ ☐ | ኣይ ☐ |
| 11. | ኣብ ቀልቀል ደምዶ ኣለኩም/ኣለክን? | እወ ☐ | ኣይ ☐ |
| 12. | ሽንቲ ኣብ ምሻን ቃንዛዶ ኣለኩም/ኣለክን? | እወ ☐ | ኣይ ☐ |
| 13. | ናይ ቆርበት ዕንፍሩርዶ ኣለኩም/ኣለክን? | እወ ☐ | ኣይ ☐ |

______________________
ፌርማ

ናይ ሓኪም ርእይቶ:

ናይ ሓኪም ፌርማ

**ሓባሪ 2.2**
(ንኣሃዝ 1 ቁጽሪ 2.3፣ ኣርፍተ ነገር 2 ዝምልከት)

## ናይ ሕማም ታሪክ ንምእካብ ዝኸውን ቅጥዒ -ንቆልዑት

(በጃኹም ኣብ ልክዕ ዝኾነ መልሲ ናይ መስቀል ምልክት እናገበርኩም ነቲ ሓኪም ሃቡዎ!)

ናይ መንነት ሓበሬታታት ምስ ናይ ደቂ ወጻኢ ማእኸላዊ ቦታ ቁጽሪ: ዕለት:

(ZAB-Identifikationsnummer)

ጾታ: ወዲ ተባዕታይ ☐ ጓል ኣንስተይቲ ☐ ዜግነት: ዕድመ:

| | | | |
|---|---|---|---|
| 1. | ወድኹም/ ጓልኩም ሓሚሙ/ሓሚማ ድዩ/ድያ? | እወ ☐ | ኣይ ☐ |
| 2. | ወድኹም/ ጓልኩም መድሓኒትዶ ይወስድ/ትወስድ? | እወ ☐ | ኣይ ☐ |
| 3. | ወድኹም/ ጓልኩም ኣንጻር ሕማማትዶ ክታቦት ገይሩ/ገይራ? | እወ ☐ | ኣይ ☐ |
| 4. | ኣብ ወድኹም/ ጓልኩም ንዓባይ ሰዓል ዝምልከት ናይ ቆርበት ምርመራዶ ተገይሩ? | እወ ☐ | ኣይ ☐ |
| 5. | ወድኹም/ ጓልኩም ተመሓላላፊ ሕማምዶ ነይሩዎ/ኣለዎ/ነይሩዋ/ኣለዋ? | እወ ☐ | ኣይ ☐ |
| | ዓባይ ሰዓል? | እወ ☐ | ኣይ ☐ |
| | ወይቦ? | እወ ☐ | ኣይ ☐ |
| | ፍሮማይ? | እወ ☐ | ኣይ ☐ |
| | ጽግዕ? | እወ ☐ | ኣይ ☐ |
| | ንፍዮ? | እወ ☐ | ኣይ ☐ |
| | ፈኲስ ንፍዮ? | እወ ☐ | ኣይ ☐ |
| | ተመሓላላፊ ሕማም ጎሮሮ? | እወ ☐ | ኣይ ☐ |
| 6. | ወድኹም/ ጓልኩም ቃንዛታትዶ ኣለዎ/ኣለዋ? | እወ ☐ | ኣይ ☐ |
| 7. | ወድኹም/ ጓልኩም ረስኒዶ ኣለዎ/ኣለዋ? | እወ ☐ | ኣይ ☐ |
| 8. | ወድኹም/ ጓልኩም ሓያል ሰዓልዶ ኣለዎ/ኣለዋ? | እወ ☐ | ኣይ ☐ |
| 9. | ወድኹም/ ጓልኩም ዕውልውልን ተምላስንዶ ኣለዎ/ኣለዋ? | እወ ☐ | ኣይ ☐ |
| 10. | ወድኹም/ ጓልኩም ቅርጸት ከብዲ ወይ ተቕማጥዶ ኣለዎ/ኣለዋ? | እወ ☐ | ኣይ ☐ |
| 11. | ወድኹም/ ጓልኩም ናይ ቆርበት ዕንፍሩርዶ ኣለዎ/ኣለዋ? | እወ ☐ | ኣይ ☐ |

________________________

ፊርማ

ናይ ሓኪም ርእይቶ:

ናይ ሓኪም ፊርማ